# ነቲ ዝስዕር

## 2ይ ክፋል

ኣብ መወዳእታ ናይ ቀዳማይ ክፋል፡ ኣብ ቤትና ሰዓርቲ እንኮነሉ መገድታት ርኢና ነይርና። ኣብዛ ካልኣይ ክፋል ድማ ነቲ ሓሳብ ሚዛንና ክንሕልወለን ዘድልያና ክልተ ነጥብታት ብምጥቃስ መደምደምታ ብምግባር፡ ኣብ ማሕበር ኣምላኽን ኣብ ሕብረተሰብናን ከመይ ጌርና ሰዓርቲ ክንከውን ከም እንክእል ክንርኢ ኢና።

**_ሚዛንካ ምሕላው_**

ሀ. "እግዚኣብሄር ንቤት እንተ ዘይሃነጸ፡ ሃነጽቲ ንኸንቱ ይጽዕሩ" ከም እተባህለ፡ መሰረት ቤትና ብእግዚኣብሄር ከም ዝኮነ ኵሉ ጊዜ ክንዝክሮ ይግብኣና (መዝ 127፡1)።

ለ. ኣብ ሓዳርና ሚዛንና ክንሕልወሉ ዝግብኣና ካልእ ነጥቢ'ውን ኣሎ። ንሱ ድማ ቃል ኣምላኽ ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቲ እዩ፡ ክብል ከሎ ንሰብኣይ፡ ዝያዳ ሓላፍነት ዘሰክም ስልጣን እምበር፡ በይኑ ገባርን ሓዳግን ምስ ሰበይቱ ምዝርራብ ዘየድልዮ፡ ውልቀ መላኺ ናይ ሓዳር ማለት ከም ዘይኮነ ከነስተውዕል እዩ (ኤፌ 5፡22-33)።

### 3. ኣብ ማሕበር ኣምላኽ

ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ሰዓርቲ ኴንና ክንርከብ ኣሎና፡ ክንብል ከሎና እንታይ ማለትና እዩ፧ ንሕና፡ ማለት ኵላትና እቶም ብእምነት ብኢየሱስ ክርስቶስ ውሉድ ኣምላኽ ክንከውን መሰል ዝረከብና ኵልና ሰብነት ክርስቶስ ኢና (ዮሃ 1፡12)። ነፍሲ ወከፍና ከኣ ኣካላቱ ኢና። "እምበኣርሲ ንስኻትኩም ሰብነት ክርስቶስ ኢኹም፡ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ኣካላቱ ኢኹም" (1ቈረ 12፡27)። ከምቲ ኣብ ሓደ ሰብነት ብዙሕ ኣካላት ዘሎ፡ እቶም ኣካላት ድማ ተግባሮም ሓደ ዘይኮነ፡ ንሕና ከኣ ብዙሓት ከሎና ኣብ ክርስቶስ ሓደ ሰብነት ኢና (ሮሜ 12፡4-5)። እምበር፡ ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ሰዓሪ ኴንካ ምርካብ ማለት፡ እቲ ኣብ ሰብነት ክርስቶስ ዘሎካ ግደ ፈሊጥካ ከምቲ ንሱ ዝደልየካ ክትነብር ምኽኣል ማለት እዩ።

እቲ ሕቶ ግና፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰብነት፡ ኣየናይ ክፍሊ ኣካል ምዃንካ ከመይ ጌርካ ትፈልጥ እዩ። እቲ ዝገርም ድማ፡ ሰብነት ክርስቶስ ምዃንና እናፈለጥና፡ ኣየናይ ክፍሊ ኣካላቱ ምዃንና ዘይምፍላጥና እዩ። እገለ ዓይኒ እዩ፡ እገሊት ድማ እዝኒ እያ፡ እኳ እንተ ዘይበልና፡ እቲ ኣበር ናይ ኣሕዋት ርእዩ ዝእርም፡ ንእሽቶ ጽቡቕ ተገንዚቡ ድማ ዘተባብዕ፡ ኣብቲ ሰብነት ክርስቶስ ዓይኒ ክከውን ይክእል። እቶም ካልኦት ድማ ገሌና እዝኒ፡ ገሌና ኢድ፡ እግሪ ወዘተ ክንከውን ንክእል። ኵሎም እቶም ኣብ ሰብነት ዘለዉ ኣካላት ንጥቕሚ እቲ ሰብነት ድኣ እምበር፡ ንጥቕሚ ርእሶም ከም ዘይተሰርዑ ርዱእ እዩ። ነቶም ኣካላት ኣብቲ ሰብነት ዝሰርዐ ኣምላኽ እዩ። ንሱ ከም ዝደልዮ ገይሩ ድማ እዩ ንነፍሲ ወከፍ ኣካላት ኣብቲ ሰብነት ዝሰርዖ። ዓይኒ ክትርእየልና፡ እዝኒ ክትሰምዓልና፡ እግሪ ክከደልና፡ ኮታ ኵሎም እቶም ኣካላት ከምቲ ኣምላኽ ዝሰርዖም እንተ ዝኾኑልና፡ ኣየ ክንደይ ሓቢርና ምተሓጐስና! "ሓደ ኣካል እንተ ተሰቀየ፡ ኵሉ ኣካላት ይስቀ፡ ሓደ ኣካል እንተ ከበረ ከኣ፡ ኵሉ ኣካላት ሓቢሩ እዩ ዝሕጐስ" (1ቈረ 12፡26)። ጸገም ዝፍጠር፡ እቲ እግሪ፡ ኢድ እንተ ዘይኮንኩ፡ እዝኒ ድማ ዓይኒ እንተ ዘይኮንኩ፡ ክብሉ ከለዉ እዩ። እግሪ፡ ኢድ ካብ ዘይኮንኩስ

ናይ ሰብነት ኣይኮንኩን እንተ በለ፡ በዚ'ዶ ናይ ሰብነት ምኳኑ ይተርፎ እዩ፧ ከምቲ ኣምላኽ ዝዓደለካ መስፈር እምነት፡ ብዛዕባ ርእስኻ ብልክዕ ምሕሳብ ግና ሰዓሪ ኴንካ ክትነብር የክእለካ እዩ። ክንየው እቲ ውህበታት፡ ነቲ ወሃቢ ምፍላጥና ዝያዳ ዕዉታት ይገብረና እዩ። እምበኣር፡ ንዝያዳ ውጽኢት ዝበለጸ መገዲ ምንዳይ ዝሓሸ እዩ እሞ፡ እቲ ዝበለጸ መገዲ ድማ ኵሉ ብፍቕሪ ምስ ዝከውን እዩ። ብዘይ ፍቕሪ ኵሉ ኣይጠቕመናን እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ "ኵሉ ግብርኹም ብፍቕሪ ይገበር" ዝብለና (1ቈረ 16፡14፣ 1ቈረ 13፡1-3)።

## *ሀ. ኣብ ማሕበር ክርስቶስ ክልተ ኣገደስቲ ነጥብታት ኣለዋ፡*

1. ምህናጽ (ማቴ 16፡18፣ 1ጴጥ 2፡5)
2. ምቕላስ (ኤፌ 6፡12-16፣ 1ቈረ 10፡3-6)

### *1. ምህናጽ*

እታ ሰብነት ክርስቶስ ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን፡ ክትህነጽ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። ቤተ ክርስቲያን ድማ በዞም ዝስዕቡ መገድታት ክትህነጽ ትክእል።

#### *ሰብነት ክርስቶስ እትህነጸሉ መገድታት*

- ብሃዋርያት፡ ነብያት፡ ወንጌላውያን፡ ጓሶት፡ መምህራን (ኤፌ 4፡11፣ 1ቈረ 3፡10-14)
- ብፍቕሪ ንሓቂ እናሰዓብካ (ኤፌ 4፡15፡ ሓድሽ ትርጉም)
- ዝተወሃበካ ዕዮ እናገበርካ (ኤፌ 4፡16፡ ሓድሽ ትርጉም)
- ንምህናጽ ማሕበር ዕዙዛት ብምኳን (1ቈረ 14፡12)
- ንርእሰይ ይጥዐመኒ ብዘይምባል (ፊሊ 2፡3)
- ሓሳብ ክርስቶስ ብምሕሳብ፡ ትሕት ብምባል (ፊሊ 2፡3)
- ነቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ጌርካ ክትሕልዎ ብምግዳል (ኤፌ 4፡3)

### *2. ምቕላስ*

ቅልስ ክርስቲያን ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን፡ ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን፡ ምስ መናፍስቲ እከይን፡ ኣብ ሰማያት እዩ እምበር ምስ ስጋን ደምን ከም ዘይኮነ ቃል ኣምላኽ ይምህረና እዩ (ኤፌ 6፡11-12)።

#### ምቕላስ ብከመይ፧

- ኣጽዋር ኣምላኽ ብምልባስ (ኤፌ 6፡10-17)
- ንድያብሎስ ጸኒዕካ ብምቕዋም (1ጴጥ 5፡8-9)
- ንድያብሎስ ስፍራ ብምክላእ (ኤፌ 4፡27)
- ሰይጣን ዝዓረዶ ጽኑዕ ዕርድታት ብምፍራስ (1ቈረ 10፡3-6፣ 1ዮሃ 3፡8)
- ንቓል ሓቂ ብምስባክ (ምምስካር) (ራእ 12፡11፡ ሓድሽ ትርጉም)

***ንዘክር!***

- *ቃል ኣምላኽ ምግብና እዩ፡ ክንህነጽ ንመገቦ* (1ጴጥ 2፡3፣ ግብ 20፡32)
- *ናይ መንፈስ ሰይፊ እዩ ንሓዞ፡ ንተዓጠቆ "ብሓደ ኢዶም ዕዮ ይዓይዩ ብሓደ ኢዶም ከኣ ኣጽዋሮም ሒዞም ነበሩ"* (ነህ 4፡17፣ ኤፌ 6፡17፣ መዝ 149፡9)

*ማሕበር ኣምላኽ ተሃኒጻን ደልዲላን ምእንቲ ክንርኢ፡ ንኹሉ ሓይልናን ኣምላኽ ሂቡና እንብሎ ህያባትን ኣብ ምህናጽ ማሕበር ክነውዕሎን ኣጽዋር ኣምላኽ ለቢስና ድማ ንሰይጣን ብእምነት ጸኒዕና ክንቃወሞን ሎሚ ካብ ኩሉ ጊዜ ንላዕሊ ዕድመ ይቐርበልና ኣሎ እሞ፡ ሃየ ንርእስናን ነቶም ዝሰምዑናን ነድሕን።*

*ብግልና ሕብረት ምስ ኣምላኽ ከም ዘድልየና ኣቐዲምና ተዛሪብናሉ ኣሎና። እንተ ድኣ ንሱ ንበይኑ እኩል ከም ዘኾነ፡ ምስ ቅዱሳን ምሕባር ከም ዘየድልየና ኮይኑ ክስመዓና ሚሩ ግና፡ ተጠቢርና ክም ዘሎና ምልክት እዩ። ከመይሲ ብዘሎ እቲ ሰብነት ብደገፍ እቲ መመላገቢኡ እናተተሓሓዘን እናተኣሳሰረን፡ ብመጠን እቲ ነንክፍሉ እተመደበሉ ግብሪ ብፍቕሪ ምእንቲ ክህነጽሲ ካብ ክርስቶስ እዩ ምዕባዩ ዝርከብ እዩ ዝብለና ቃል ኣምላኽ* (ኤፌ 4፡16)።

*እምበኣርከስ እቲ ሓቢርካ ምዕባይ ካብ ክርስቶስ ዝርከብ እንተ ኮይኑ፡ ክርስቶስ ድማ ኣብቶም ብስሙ ዝእከቡ ኣብ ማእከሎም ዝርከብ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ምስጢር ምዕባይ ኣብቲ ብስሙ ምእካብ እዩ ዘሎ ማለት እዩ። ኣብ መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት እንተ ተመልከትና፡ ሃዋርያት ኣብ ጸጽባሕ ብሕብረት ኣብ ቤት መቕደስ ከየቋረጹ ጸኒዖም ይእከቡ ከም ዝነበሩ፡ ኣብ ኣባይቲ እንጌራ እናቈረሱ ብሓጐስን ብግሩህ ልብን ንኣምላኽ እናኣመስገኑ ብሕብረት ይመላለሱ ከም ዝነበሩ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ኵሉ ህዝቢ ዕድል ከም ዝነበሮምን፡ እግዚኣብሄር ድማ ዝድሕኑ ኣብ ጸጽባሕ ናብታ ማሕበር ይውስኽ ከም ዝነበረን ንርኢ። ከምቲ ሃዋርያት ዝገበርዎ ዝነበሩ ኣብ ጸጽባሕ ክንራከብ እኳ እንተ ዘይከኣልና፡ ካብ ሃዋርያት ግና፡ እቲ ብሓጐስን ብግሩህ ልብን ንኣምላኽ እናኣመስገንካ ብሕብረት ናይ ምምልላስ ህይወት ክንመሃር ይግብኣና እዩ* (ግብ 3፡46-47፣ ግብ 4፡32-37)።

## ***ለ. ሓቢርካ ኣብ ምምልላስ (ኣብ ሕብረት) ኣብ ዘሎ በረኸት***

- *ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብኡ ይርከብ* (ማቴ 18፡19-20)
- *ውህበታት መንፈስ ቅዱስ ይዓዝዝ* (1ቈረ 14፡26)
- *መንፈስ ኣምላኽ ይመልኣና* (ኤፌ 5፡19)
- *ምምዕዓድን ንሓድሕድካ ምንቕቓሕን ይርከብ* (እብ 10፡25፣ እብ 3፡12-13)
- *ሓቢርካ ምዕባይ ይርከብ* (ኤፌ 4፡16)
- *ቃል ክርስቶስ መሊኡ ይሓድረና* (ቈሎ 3፡16)
- *በረኸትን ህይወትን ይዓዝዝ* (መዝ 133፡1-3)

*እንተ ደኣ ምእካብና ነዞም ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮም ዘሎና ክንረክቦም ዘይሓገዙና፡ ምእካብና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምሉእ ኮይኑ ከም ዘይተረኸበ ምልክት ምኳኑ ፈሊጥና፡ ርእስና ምምርማርን ምንሳሕን ከም ዘድልየና ንዘክር።*

## *ሐ. ሓላፍነታትን ዕማማትን ማሕበር ኣምላኽ*

1. ንኣምላኽ ምፍቓር "ግናኸ ነታ ቀዳመይቲ ፍቕርኻ ሓዲግካያ ኢኻ እሞ እዚ ረኺበልካ ኣሎኹ" (ራእ 2፡4)
2. ንኣምላኽ ምኽባር (ኤፌ 1፡5-6፣ ኤፌ 1፡11-12፣ ኤፌ 1፡14፣ ኤፌ 3፡21፣ 2ተሰ 1፡12)

### *ንኣምላኽ ብኸመይ ነኽብሮ:*

- ብምስጋናን ጸሎትን (መዝ 50፡23፣ ዮሃ 14፡13፣ እብ 13፡1)
- ብፍረና (ዮሃ 15፡8)
- ብዘሎና ህያባት ንሓድሕድና ብምግልጋል (ፊሊ 4፡18፣ እብ 13፡16)
- ብስብከትናን ኣገልግሎትናን (1ጴጥ 4፡11)
- ሓቢርካ ሓደ ኣፍ ብምኳን፡ ብሓድነትና (ሮሜ 15፡5-6)
- ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ምኳኑ ብምእማን (ፊል 2፡9-11)
- ንተስፋ (ቃል) ኣምላኽ ብምእማን (ሮሜ 4፡20)
- ብመከራና (ዮሃ 21፡18-19፣ 1ጴጥ 4፡14-16)
- ብምስክርነትና (2ተሰ 3፡1)

3. ጸጋ ኣምላኽ ኣባና ከም ዝርአ ምግባር (ኤፌ 2፡7፣ ኤፌ 3፡6፣ ኤፌ 3፡10፣ 1ጴጥ 2፡9)
4. ወንጌል ምስፋሕ (ማቴ 28፡19-20፣ ማር 16፡15፣ ሉቃ 24፡47፣ ዮሃ 20፡21፣ ግብ 1፡8)
5. ምስጢራት ብምስራዕ ማለት ጥምቀት፡ ቃል ኪዳን፡ ቅዱስ ቍርባን ወዘተ (ማቴ 28፡19-20)
6. ምምሃር (ማቴ 28፡19፣ ፊሊ 4፡8-9፣ 1ጢሞ 4፡6፣ 1ጢሞ 5፡17፣ 2ጢሞ 2፡2፣ 2ጢሞ 2፡24-25)
7. ንኣመንቲ ምህናጽ (1ቈረ 14፡26፣ ኤፌ 4፡11-12፣ ኤፌ 4፡16፣ 1ተሰ 5፡11፣ 2ጴጥ 3፡18፣ ይሁ 20)
8. ንዝበደሉ ኣመንቲ ስርዓት ምትሓዝ ወዘተ

### *ኣብ ሓድሽ ኪዳን ተጠቒሱ ዘሎ ዓይነት መቕጻዕቲ*

- ንርእስኻ ባዕልኻ ምፍራድ፡ ርእሰ መቕጻዕቲ (1ቈረ 11፡31፣ 1ቈረ 7፡1፣ 1ዮሃ 3፡3)
- ልዑላዊ (ኣምላኻዊ) መቕጻዕቲ (ዮሃ 15፡2፣ ግብ 5፡5-10፣ 1ቈረ 11፡32፣ እብ 12፡9-11፣ 1ጴጥ 4፡17)
- ብማሕበር ኣምላኽ ዝውሰድ ስጕምቲ (ማቴ 18፡17፣ ሮሜ 16፡17፣ 1ቈረ 5፡1-13፣ ገላ 6፡1፣ 2ተሰ 3፡6ን 14ን፣ ቲቶ 3፡10-11፣ 2ዮሃ 10)

9. ኣብ ኣመንቲ ሕብረት ከም ዝህሉ ምግባር (ግብ 2፡42፣ 1ቈረ 1፡9፣ 2ቈረ 8፡4፣ 2ቈረ 13፡3፣ ገላ 2፡9፣ ፊላ 1፡5፣ ፊላ 2፡1፣ 1ዮሃ 1፡3)

## *ኣገደስቲ ረቋሒታት ብዛዕባ ሕብረት*

- መሰረት ክርስትያናዊ ሕብረት - ኢየሱስ ክርስቶስ (1ዮሃ 1፥3)
- ባህሪ ክርስትያናዊ ሕብረት - ምምቓል (ግብ 2፥44-47)
- ክርስትያናዊ ሕብረት ክጉድል ከሎ ዝህልዎ ሓደጋ - ሓጢኣት (1ቈረ 10፥16ን 21ን)

## *ክውሰድ ዝግብኦ ስጉምቲ፥*

- ሓጢኣት ሓድሕድ ምእማን (ያእ 5፥16)
- ሓጢኣት ንዝገበሩ ምግናሕ (ኣብ ንሓድሕድና) (ኤፌ 5፥11፣ 1ጢሞ 5፥20)
- ንሓድሕድና ይቕረ ምብህሃል (2ቈረ 2፥6-8፣ ኤፌ 4፥32፣ ቈሎ 3፥13)
- ብበደል ንእተታሓዘ ብህዱእ መንፈስ ምቕናዕ (ገላ 6፥1)
- ድካም እቶም ድኩማት ምጻር (ሮሜ 14፥13፣ ሮሜ 15፥1)
- ንሓድሕድና ምጽንናዕ (1ተሰ 4፥18፣ 1ተሰ 5፥11)
- ንሓድሕድና ምጽልላይ (ያእ 5፥16)
- ንሓድሕድና ምትህንናጽ (ሮሜ 14፥19)
- ንሓድሕድና ምምዕዓድ (ሮሜ 15፥14፣ ቈሎ 3፥16)

10 ብዘድልዮም ንቅዱሳን ምሕላይ (2ቈረ 8፥9፣ 1ጢሞ 5፥1-16፣ ያእ 1፥27)

## *መጠንቀቕታታት*

- ኣኼባና ኣይንሕደግ (እብ 10፥25)
- ምእካብና ንፍርዲ ከይከውን ንጠንቀቕ (1ቈረ 11፥20-21፣ 1ቈረ 11፥34)
- ምፍልላይ ኣይሃሉ (1ቈረ 1፥10-12)
- እኩይ ዘይኣምን ልቢ ከይህሉ ንፍራህ (እብ 3፥12-13)
- ድሕሪት ተሪፍና ከይንህሉ ንፍራህ (እብ 4፥1)
- ካብ ጸጋ ኣምላኽ ከይንጐድል ንብዙሓት ዘርክስ ገለ መሪር ሱር ከየጨንቐና ንጠንቀቕ (እብ 12፥5)
- እምነት ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ጐይታ ክብሪ ብዘይ ኣድልዎ ንሓዝ (ያእ 2፥1-4)

## *ሚዛንካ ምሕላው*

ኣብ ሰብነት ክርስቶስ እቲ ኣካላት ሓደ ሓልዮ ክህልዎ እምበር፥ ኣብቲ ሰብነት ምፍልላይ ምእንቲ ከይከውንሲ ኣምላኽ ነቲ ክብሪ ዝጐደሎ ኣካል ዝበዝሕ ክብሪ እናሃበ ነቲ ሰብነት ከም ዘጋጠሞ ኣብ 1ቈረ 12፥12-26 ብሰፊሑ ተገሊጹ ንረክቦ። ስለዚ ዝኾንና እንተ ኾንና ንሓድሕድና ክንከባበር፥ ብፍቕሪ ኣሕዋት ኴንና ብለውሃት ክንፋቐር፥ ንሓድሕድና ሓንቲ ሓሳብ ክንሓስብ፥ ምስቶም ታሕቶት ትሕት ክንብል፥ ጠቢባን ኢና ኢልና ብርእስና ክንሓስብ ከም ዘይብልና፥ ምስቶም ዝሕጐሱ ክንሕጐስን ምስቶም ዝበኽዩ ክንበክን እምበር ንርእስና ክብ ብምባል፥ ገለ ከም ዝኾንና ክመስለና የብሉን። ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ መጠን ሚዛንና ክንሕልወሉ ዝግባእ ነጥቢ፥ ንካልኦት እናሰበክና

በቲ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን እንዓይዮ ዕዮታት ተዋሒጥና፣ ክሳዕ ብግልና ይኩን ኣብ ውሽጢ ቤትና ምስ ኣምላክ ክህልወና ዝግብኦ ሕብረት ዘረስዓና ከይከውን ክነስተውዕል የድልየና። እቲ ኣብነትና ዝኾነ ሃዋርያ ጳውሎስ "ንካልኦት እናሰበኽኩ ንርእሰይ ድርቡይ ምእንቲ ከይከውን ንስጋይ አሰቅዮን አግዝኦን ኣሎኹ" ይብል (1ቈረ 9፥27)።

### *4. ኣብ ሕብረተሰብ (ኮም)*

ሰዓቢ ክርስቶስ ምዃን፣ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ መኣዛ ክርስቶስ ኴንካ ምምልላስ ከም ዝኾነ መጽሓፍ ቅዱስ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ እቲ ብግልና ምስ ኣምላክ ዝህልወና ሕብረት፣ ኣብ ቤተሰብ ዘሎና ሓላፍነትን ኣብ ውሽጢ ማሕበር ዘሎና አገልግሎትን ተደሚሩ፣ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ብኣምላክን ብህዝብን ዝተዋህበና ሓላፍነት ኣብ ምስካምን ብቅንዕና ኣብ ምግልጋልን ይሕግዘና። ከመይሲ፣ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ "ንስካትኩም ጨው ምድሪ ኢኹም።... ንስካትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም" ስለ ዝበለና (ማቴ 13-16)። ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ኣመንቲ ብክልተ ነገራት ተመሲሎም ኣለዉ፣

1. ብጨው
2. ብብርሃን

*1. __ብጨው፥__ ስለ ምንታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ከም ጨው መሲሉዎም፡ እስኪ ብመንጽር ጥቕሚ ጨው ሰዓብቲ ክርስቶስ ስለ ምንታይ ብጨው ከም ዝተመሰሉ ንርአ።*

*ጨው ንምንታይ ይጠቅም፡*

- *ንመመቀሪ*
- *መግቢ ከይተበላሸወ ተዓቝሩ ምእንቲ ክጸንሕ*

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ፣ ምህላው ሰዓብቲ ክርስቶስ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምክንያቱ ትምህርቲ ክርስቶስ ካብ ኵሉ ዓይነት ብልሽውናን ካብ ዘይተደለይቲ ባህርያትን ሓራ ዝገብር ስለ ዝኾነ። ሎሚ ዓለምና፣ ምጥፍፋእ፣ ምትላል፣ ግፍዕን ዓመጻን ብዝለዓለ ናህሪ እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ እዋን እያ ዘላ። ሃገርና ካብዚ ንኵለን ሃገራት እናኣስግአ ዝመጽእ ዘሎ ብልሽውና ናጻ ክትከውን ንደልያ ኣንተ ኴንና ጥዑይ ሕብረተሰብ ከም ዘድልየና ርዱእ እዩ። ሓይልን ጽፉፍ ኣሰራርሓ መደበር ፖሊስን ንብልሽውና ምሉእ ብምሉእ ከወግዶ ይክእል እዩ ኢልካ ምሕሳብ፣ ካብ ክውንነት ምርሓቕ እዩ። ኣብ ምውሓድ እቲ ሽግር ፖሊስ ተራኦም ከበርክቱ ከም ዝክእሉ ዘይከሓድ እዩ። እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ግና ኣብ ሕብረተሰብ ናይ ባህርይ ለውጢ ምስ ዝመጽእ ጥራሕ እዩ። ናይ ባህርይ ለውጢ ግና ከመይ ገይርካ እዩ ዝመጽእ፡ ሒደት ካብቶም ኣብ ባህርይና ጽልዋ ዘሎዎም እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ናይ ኣተዓባብያ ድሕረ ባይታ (ተራ ወለዲ)
- ናይ ትምህርቲ ድሕረ ባይታ (ደረጃ ትምህርቲ)
- ዝዓበናሉ ከባቢ

እዞም ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮም ዘሎና፡ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ባህርይ ከነማዕብል ጽልዋ ከም ዘሕድሩልና ርዱእ እዩ። ክንየው እዚ እንብሎ ዘሎና ግና፡ ንሕና ደቂ ሰባት ብባህርይና ደቂ ቐጥዓ ከም ዝኮንና፡ ግናከ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኮነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብእኣ ዘፍቀረና ዓ ባይ ፍቕሩ፡ ንሕና ብበደልና ምዉታት ከሎናስ ምስ ክርስቶስ ህያዋን ገበረና። ቅዱስ መጽሓፍ ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዩ ዝብለና። ናብቲ ቀንዲ ሓሳብና ክንምለስ፡ ሰዓብቲ ክርስቶስ ብጨው ተመሲልና ኣሎና። ጨው ግና ንመን፧ ጨው ንርእሱ ኣይኮነን ዘመቕር፡ ከምኡ ድማ ክርስትያን ነቲ መቐረት ስኢኑ ዘሎ ናይ ዘመንና ሕብረተሰብ እዩ። ስለዚ ብጨው ምምሳልና ንሕብረተሰብ መቐረት ክንኮኖ ከም ዝተደለየ ሕቶ ዘድልዮ ኣይኮነን። ግናከ እቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ኢና እንብል ከምቲ እተዋህበና ሓላፍነትን፡ ከምቲ ኣምላኽ ዝገብረልና ትጽቢትን'ዶ ብሓቂ ጨው ሕብረተሰብ ኴንና ኣሎና፧ እዚ እዩ እቲ ቀንዲ ክምለስ ዝግብኦ ሕቶ። “... ጨው መቐረቱ እንተ ከደከ፡ ብምንታይ ይምቅር፧ ብሰብ ክርገጽ ንግዳም ምድርባዩ እንተ ዘይኮይኑ እምበር፡ ዝጠቅም የብሉን” (ማቴ 5፥13)። “ጨው ጽቡቕ እዩ። እቲ ጨው መቐረቱ እንተ ከደከ፡ ብምንታይ ተመቅርዎ፧ ኣብ ነፍስኩም ጨው ይሃሉኩም፡ ንሓድሕድኩም'ውን ብሰላም ንበሩ” (ማር 9፥50፤ ሉቃ 14፥34-35)። “ነቲ ዝተዋህበኩም ጊዜ ብዝከኣል እናሰራሕኩምሉ ምስቶም ዘይኣምኑ ብጥበብ ንበሩ። ንነፍስ ወከፍ ብቑዕ መልሲ ሂብኩም ምእንቲ ክትክእሉ ኣዘራርባኹም ኩሉ ሳዕ ጸጋ ዝመልኦ ብጨው ዝተቓመመ ይኩን” (ቈሎ 4፥6 ሓድሽ ትርጉም)።

ጨው ምድሪ ኢኹም ካብ ተበሃልና፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ኣቲና ንመቐረት ምኽንያት ክንከውን ዝተዋህበና ሓላፍነት ቀሊል ከም ዘይኮነ ምግንዛብ የድሊ። ጨው ንኻልእ እምበር ንርእሱ ኣይነብርን እዩ። እምበኣርሲ ኩላትና ሰዓብቲ ክርስቶስ ብጨው ካብ ተመሰልና፡ ካብ ንርእስና ምንባር ወጺእና፡ ከም ጨው ሓቒቕና ንሕብረተሰብ ንመቐረት ክንከውን ይግባእ።

*2.* ***ብርሃን፡-*** ሰዓብቲ ክርስቶስ ብብርሃን ተመሲልና ኣሎና። ብርሃን ዘብለና ድማ፡ እቲ ቀንዲ መለለይና ዝኾነ ጽቡቕ ግብርና እዩ። መብራህቲ ኣብ ቤት ንዘሎ ኩሉ ምእንቲ ክብርህ፡ ኣብ በሪክ መቐመጢኡ ተንብሮ እምበር  ኣብ ትሕቲ ከፈር ከተንብሮ ኣይተብርሆን ኢካ። እግዚኣብሄር ከም መብራህቲ ንብዘሎ ሕብረተሰብ ምእንቲ ክነብርህ እዩ “ንስካትኩም ብርሃን  ዓለም ኢኹም” ዝበለና (ማቴ 5፥14-16)። ስለዚ ነቲ ጽቡቕ ግብርና ርእዮም፡ ነቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦና ምእንቲ ከመስግንዎ ብርሃንና ኣብ ማእከል  ሕብረተሰብ ክበርህ ይግብኦ። “ነቲ ጽቡቕ ግብርኩም ርእዮም፡ ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ከመስግንዎ፡ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ” (ማቴ 5፥16)።

እምበኣርከስ እቲ ምእንቲ ክንበርህ ኢሉ፡ ኣብ በሪክ ቦታ ዘቐመጠና እግዚኣብሄር እዩ እሞ ዝኾነ ይኹን ካልእ ኣካል፡ ነዛ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ብርሃን ምእንቲ ክትከውን ኢሉ ዘቐመጣ መብራህቲ ከውርዳ ይኹን ከጥፍኣ ስልጣን ዘለዎ የለን።

እቲ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ክረአ ትጽቢት ዝግበረሉ ጽቡቕ ግብርና'ከ እንታይ እዩ፧

1. እንጌራካ ንጥሙይ ምምቃል (ኢሳ 58፥7)
2. ርእስካ ካብ ርክሰት ዓለም እናሓሎካ ንዘክታማትን መበለታትን ኣብ መከራኦምን ጸበባኦምን

ምብጻሕ (ያእ 1፡27)

3. ምስ ኵሉ ሰብ ብሰላም ምንባር (ሮሜ 12፡17)
4. ንኵሉ እቲ ዘዝግብኦ ምሃብ (ሮሜ 13፡7)

- ግብሪ ንዝግብኦ ግብሪ
- ቀረጽ ንዝግብኦ ቀረጽ፡
- ፍርሃት ንዝግብኦ ፍርሃት
- ክብሪ ንዝግብኦ ክብሪ

5. ንበዓል ስልጣን ምእዛዝ (ሮሜ 13፡1)

- ውሉድ ንወላዲ (ቈሎ 3፡20)
- ሰበይቲ ንሰብኣይ (ቈሎ 3፡18)
- ሰራሕተ  ንኣስራሒኡ (ቈሎ 3፡22)
- ምእመን ንመራሕቲ (1ተሰ 5፡12-13)
- ተራ ሰባት ንሓለፍቶም
- ሓለፍቲ ድማ ብወገኖም ንዝልዕልዎም ሰበ-ስልጣናት

6. ምሕጋዝ

- ንኣረጋውያን
- ንኵሉ እተጸገመ፡ ዓቕምካ ከም ዝፈቕዶ (ብገንዘብካ፡ ጕልበትካ፡ ፍልጠትካ፡ ክእለትካ ወዘተ)

7 ኣብ ዝተዋህበካ ሓላፍነት እሙን ምኳን

ስለዚ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ከም ጨውን ብርሃንን ኴንና ክንመላለስን ከም ዜጋታት ኵሉ ግቡእና ከነበርክትን ይግብኣና እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ኣካል ከኣ እቲ “ጨው ምድሪ ኢኹም”፡ “ብርሃን ዓ ለም ኢኹም” ዝበለና ትጽቢት ከም ዝገብረልና ክንዝንግዖ ዘይብልና ሓላፍነት እዩ።

***<u>ሚዛንካ ምሕላው</u>***

በቲ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ እነበርክቶ ነገር ተዋሒጥና ከይንተርፍ ክንጥንቀቅ ከድልየና እዩ። ከምቲ ብዝርዝር ዝረአናዮ ኣብ ኣርባዕቲኡ ማለት ብግልና ምስ ኣምላክ ዝህልወና ሕብረት፡ ኣብ ውሽጢ ቤትና፡ ኣብ ማሕበር ኣምላክ፡      ከምኡ'ውን ኣብ ሕብረተሰብ ከመይ ጌርና ሰዓርቲ ከም እንኸውን ተማሂርና     ኣሎና። እምበኣር ነስተውዕል! ካብዘን ኣርባዕተ ኵርናዕ ህይወት ብሓንቲ እንተ ሰኒፍና፡ ንካልእ ኵርናዕ ህይወትና ክጸልወና ስለ ዝኾነ፡ ኣርባዕተ ካብ ኣርባዕተ ረኪብና ሰዓ ርቲ ንምኳን ንጋደል።

ካህን ኤሊ፡ እንተ ደኣ ብሚዛን እዘን ኣርባዕተ ኵርናዕ ህይወት ክንርእዮ  ፈቲንና ዋላ እኳ ኣብ እስራኤል ካህንን ፈራድን እንተ ነበረ፡ ንደቁ ክኣሊ ወይ ክግስጽ ብዘይምክኣሉ፡ እግዚኣብሄር ብኣፍ

ሳሙኤል ገይሩ ክነቕፎ ከሎ ኢና እንርኢ። ውጽኢት ሸለል ምባሉን ካብ ንእግዚኣብሄር ዝያዳ ንደቁ ምኽባሩን፡ ንቤቱ ፍርዲ ከም ዘምጽኣሉ ድማ ንምልከት (1ሳሙ 2፡11-26፣ 1ሳሙ 4፡12-18)። ስለዚ ካህን ኤሊ ካብተን ኣርባዕተ መኣዝናት፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ቤቱ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ሸለል ብምባሉ፡ ተሰዓሪ ከም ዝገበሮ፡ ካብቲ ተዋሂቡና ዘሎ ጥቕስታት ክንርዳእ ንኽእል። ንኢያሱ እንተ መልከትናዮ ግና፡ ድሕሪ ሞት ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር፡ ንደቂ እስራኤል መሪሑ ዮርዳኖስ ዝተሳገረን፡ ንሰላሳን ሓደን ነገስታት ስዒሩ ናብታ እግዚኣብሄር ዝተሰፈዎም ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ ዝኣተወ ናይ እምነት ሰብ ከም ዝነበረን ነንብብ።

ኢያሱ ኣብቲ ናይ መጨረሻ ናይ ምስንባቱ ጊዜ “ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሄር ኢና እነገልግል” ብምባል ምስቲ ህዝቢ ኪዳን ኣተወ (ኢያሱ 24፡15፣ ኢያሱ 24፡23-24)። ሕግን ፍርድን ከኣ ኣብ ሰኬም ኣቘመ። ዓብዪ እምኒ ወሲዱ ከኣ ንምስክር ኣቘመ። በዚ ከምዚ ድማ ኢያሱ ኣርባዕተ ካብ ኣርባዕተ ረኺቡ ሰዓሪ ኮነ።

<u>**ነስተውዕል**</u>!

ንፋዓት ገምገምቲ ስለ ዝኮንና ኣይኮንናን ነቲ ሓደ ተሳዒሩ፡ እቲ ሓደ ስዒሩ ንብል ዘሎና። እንታይ ደኣ ንፋዓት ተማህሮ ኴንና ክንርከብ እሞ፡ ነቲ ንመለበሚና ዝተጻሕፈ ክንመሃረሉን፡ ኣሰር እቶም ብኹሉ ኹርናዕ ህይወቶም ንኣምላክ ዘስመሩ ምእንቲ ክንስዕቦም እምበር!

<u>**ጸሎት**</u> **(እብ 13፡20-21)**

**ኣምላክ ይደግፍ።**